ማሕበረሰብና ምሕጋዝ: እቲ ማሕበረሰብ ጥዕንኡ ክሕሉን ወሕሰት ክህልዎን ዘወሃቡ ኣገልግሎታት

ነቶም ጉድኣት ኣብ ምቅናስን ውሑስ ዝኾነ ናይ ምርመራ ኣገልግሎት ኣብ ምቅራብ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ናይ ትሕብብር ጉጅለታትን ፕሮግራማትን ምድጋፍ፡፡ ነዞም ዝስዕቡ ተግባራት ንምፍጻም ድጋፍ ምግባር፡ ኣብ ጥቅሚ ዝወዓሉ ስሪንጋታት ብኣግባቡ ምውጋድ፣ ዘይተበከሉ ስሪንጋታትን ካልኦት ንጥንቃቀ ዝሕግዙ ነገራት ምቅራብ፣ መጽረጊ ቁስሊ ምቅራብ፣ ናይ ጽሬት ኣቁሑት ምቅራብ፣ ኣቅርቦት ነሎክሶንን ውሑስ ጾታዊ ርክብ ንክህሉ ዝሕግዙ ኣቅርቦታት ምምላእን ወዘተ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ነቶም ናይ ኤስ ቲ ኣይ፣ ኤች ኣይ ቪ፣ ሄፓታይሲ (ዝርአ ምልክታት ንዘይብሎም ሰባት) ናይ ናጻ ምርመራ ንክመቻቾ ዘተሓባብሩ ሰብ ሞያ፣ ንስልጠንና ኣተሓሕዛ ቁስሊ፣ ምምሕዳር ስልጠናን ፕሮግራማትን ነሎክሶን ዝውዕሉ በጀታት ምምዋል፡፡ ኣብ ምቅናስ ተጋላጽነት ሓደጋ ዘድሃበ፣ ናብ ትሑት ክፍሊት ዝሓትት/ክፍሊት ዘይሓትት ንኹሉ ዝወሃብ ሕክምናን ናይ ኣእምሮ ጥዕና ምሕላው ዘድሃበ  ናይ ምምኻር ኣገልግሎት ንክህሉ ተወሳኺ በጀት መምምዳብ፡፡ ከም ናይ ተሞክሮ ልውውጥ መደባትን ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ማእኸላትን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ቅድም ክብል ኣብ ተግባር ዝጸንሑ ዋላኳ እንተኾኑ፣ ቀጻልነት ዘለዎ ጽኑዕ ምውፋር ሃፍቲ የድልዮም፡፡ እቶም ዝጸንሑ መደባት ቀዳምነት ሂብካ ምስራሕ ዕዙዝ ረብሓ ኣለዎ፡፡

ወጻኢ: $500,000

---

ኣብዚ ዘለና ናዓኹም ንምሕጋዝ እዩ ($2,000,000)
ነቶም ትኹረት ዝተነፈጎም/ዝተገለሉ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ ሓገዝ ዘቅርብን ውሑስ ዝኾነ ቦታ ዝረኽቡሉን መስርሕ ምዝርጋሕ፣ ዝተገበሩ ተደጋገምቲ መጽናዕትታት ዝሕብርዎ፣ እዞም ናይ ሕብረተተሰብ ክፍሊ ኣብ መከራ/ትሮማ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ኣብ ሓደጋ ናይ ምስጣሕ ዕድሎም ካብቲ ካልእ ዝዛየደ እዩ፡፡ እዞም ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊ እቲ ዝበጽሖም መከራ/ስንባደ ብዘላቅነት ተወጊዱ ናብ ሕውየት ከምርሑ ምእንታን፣ ተመሳሳሊ ተሞክሮ ዘለዎም ናይ ምትሕግጋዝ ኔትዎርካት፣ ናይ ጎረባብቲ ምድግጋፍን ናይ ኣእምሮ ሕክምና ሰብ ሞያን ዝኣመሰሉ ኣብ ነብስኻ ምንክብካብ ዘድሃቡ ምኽርታትን ስልጠናታትን ዘቅርቡሎም ናይ ምትሕግጋዝ መርበባት የድልዮም፡፡
ስንባደ/ትሮማ ኣዝዩ ሰፊሕ፣ ጎዳእን ልዑል ዋጋ ዝሓትትን ናይ ማሕበረሰባዊ ጥዕና ጸገም እዩ፡፡ ዕድመ፣ ጾታ፣ ማሕበረ ኢኮኖሚ፣ ዘርኢ፣ ብሄር፣ ቦታ፣ ናይ ጾታዊ ርክብ ምርጫ፣ ወይ ጉድኣት ኣካል ዘይፈሊ ጸገም እዩ፡፡ ትሮማ/ስንባደ ብፍላይ ኣብቶም ኣትኹሮት ዘዝተነፈጎም ወይ ዝግለሉ ና ሕብረተሰብ ክፍልታት ብስፍሓት የጋጥም፣ እዙይ ዘኾነሉ ምንያት ድማ፣ እቶም ነቲ ማሕበረሰብ ንምጭቋን ኣብ ተግባር ዝውዕሉ መመሳርሕታት ንባዕም ኣብ ትሮማ ዝሸምሙ ብምኳኖምን፣ እቶም ናይ ነዊሕ እዋን ናይ ጭቆና ተግባራት ኣብቲ ማሕበረሰብ ክፍሊ ንወሎደታት ዝሳገር ሳዕቤን ስለዘስዕቡን እዩ፡፡

እዚ እማመ /ፕሮፖዛል ነቶም ኣብ ማሕበረሰብ ዝነጥፉ ጉጅለታት ብምምዋል ነቲ ማሕበረሰብ ይጠቅም ብዝብልዎ መንገዲ ንክንቀሳቀሱ ዘኽእል እዩ፡፡ እቶም ተግባራት ኣብ ምምኻር ትሮማ ዝነጥፉ ሰብ ሞያን ናይ ከባቢ ምትሕብባራት ዝነጥፉ ጉጅለታትን ዝሓቅፈ ምኳኑን ኩለንተናውን ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ተግባራት ዝፍጽም ምኳኑን ቀንዲ ኣትኩረት ዘወሃቦም ጉዳያት እዮም፡፡

ወጻኢ: ($2,000,000)

---

ኣብ እዋን ቅልውላው ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ዝህብ ናይ ስቪል ጉጅለ -ማእኸል ድሕነት ማሕበረሰብን ሓበሬታን
እቲ ኣብ እዋን ቅልውላው ቅልጡፍ ግብረመልሲ ዝህብ ናይ ስቪል ጉጅለ ነቶም ኣትኩሮት ዝተነፈጎም፣ ኣብ ከይዲ ታሪክ ዝተበደሉ፣ ወይ ኣብ ሓደጋ ዝወደቁን ኣብ ጸገም ዘለዉን ናይ ማሕበረሰብ ክፍልታት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ናይ መንግስቲ ኣካላት ኢድ ኣእታውነት ሓገዝ ከገብረሎም እዩ፡፡
ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገም ኣብዘጋጥመሉ እዋን፣ ኣብ እኩብ ሰብ ምብራዕ (ናይ ህውከት፣ ስሓቅ፣ ሕርቃን፣ ገዓር፣ ወዘተ.) ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፣ ወይ ካልኦት ውጽእ ዝበሉ ናይ ባህሪ ተርእዮታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ነቲ ጉዳይ ፖሊስ ክኣልዮ ምስ ዝፍትን እቶም ዝተገለሉ ናይ ሕብረተሰብ ክፍልታት ኣብ ሓደጋ ዝኣትውሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ፡፡ እቲ ጉዳይ ዝኣሊ ኣካል እኹል ርድኢትን ኣፍልጠ ባህሊ ዘለዎ፣ ኣተሓሕዛ ትሮማ ዝፈልጥ፣ ኣብ ርህራሄ ዝተሓወሶን ኣብ ማንዛ ዝተመስረተን ኣካይዳ ምስዝኽውን ኣብ ነዊሕን ሓጺርን እዋን ውጽኢት ዝሓሸ ዝኽውን፡፡ ናብቲ ማእኸል ናይ ስልኪ ጻውዒት እንትመጽእ፣ ኣቀዲሙ ግብረመልሲ ዝህብ ስልጠና ዝወሰደ ናይ ቴራፒ ብዓል ሞያ/ማሕበራዊ ሰራሕተኛ፣ ነርሲ/ዶክተረር ዝኾን እኹል ተሞክሮን ዘለዎ ኣካልይኽውን፡፡

ወጻኢ: $2,000,000

---

ሓገዝ መንበሪ ኣባይቲ ንመንእሰይ: ሰፊሕ ዝኾነ ብምትሕብባር መናእሰይ ተሰሪሑ ንቶም መናእሰይ ዝውዕል ዘላቕነት ዘለዎ መንበሪ ዘረጋግጽ ኣቅርቦት መንበሪ ኣባይቲ ዘረጋግጽ መስርሕ ምዝርጋሕ፡፡.

ብታሪካዊ ኣመጻጽኣ ዘመልክቶ እቶም ቤት-ኣልቦ ዝኾኑ መናእሰይን ኣባጽሕን (HYYA) ዝፍጠሩ ካብ ግዚኦም ዝሓለፎም መናበይ ማእኸላት ዝወጹ፣ ዝናቢ ኣካል ስኢኖም ዝዓበዩን/ወይ ካብ ንምንባር ዘይምቹዉ ኸባቢታት ለቂቖም ዝመጹ ቆልዑ ምኸያት እዩ፡፡ መብዛሕትኦም ኣብ ዓበይትን ብካልኦት ከምኣቶም ዝበሉ መናእሰይን/ HYYA ዝተጨናነቁ መጽለልታት ከይዕንሩ እዮም ዝፈርሑ፡፡ እዚ ውጥን/ፕሮፖሳል ነቶም መናእሰይ ብዝምቹን ውሑስ ብዝኾ መልክዑ ዝተዳለዉን ባዕሎም ዝጠልብዎም ኣገልግሎታት ዘማልኡን፣ ብፍላይ ድማ ነናይ ባዕሎም መደቀሲ ዘለዎም ክፍልታት ዝሓዘ መጽለሊ ገዛ ንክህሉ ተሓሲቡ ዝተዳለወ እዩ፡፡ እዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዝትግበር ዘሎ ሓበራዊ መንበሪሪ ኣባይቲ PDA ናይዚ ዓይነተት ፕሮጀክት ኣኣካል እዩ፣ ምስቲ ኣብ ተመጣጣኒ ዋጋ ዝሓቱ ናይ መመንበሪ ኣባይቲ ጽገናታት ኣብ ምንጣፍ ተሞክሮ ዘለዎ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ዝህብ ኤጀንንሲ ብሓባር ዝሰርሕ እዩ፡፡ ናይ POD ወይ ዶርሚ ቅርጺ ዘለዎም መደቀሲ ኣዳራሻት፣ እቶም ነበርቲ ክጠልብዎም ዝኽሉ ኣብ ጥንካረ ዘድሃቡ በቶም HYYA ዝተዳለዉን ንባዕሎም ዘገልግሉን ሚስጥራውነቶም ዝሕሉውሎምን ናይ ሓባር ሂወት እውን ዘማልኡሎምን ዓናታት መንበሪ ኣባይቲ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

ወጻኢ: $2,000,000

---

ናይ ስያትል ሓቋፊ ዝኾነ ናይ ቴክኒካዊ ስልጠና ተበግሶ

እቲ ሴክተር ቴክኖሎጂ ካብቲ ልሙድ ኣሰራርሓ ውጽእ ኢሉ ሓድሽ መንገዲ ብምኽታል ካብቶም ቅድሚ ሕዚ ዝህቦም ናይ ስልጠና ፕሮግራማት ብዝተፈለየ መንገዲ ነቶም ክሳብ ሕዚ ብምኽያት መንነቶም ብስልታውን ትካላውን ዘርኣውነትን ተገሊሎም ዝጸንሑ ክፋላት ሕብረተሰብ ተሳትፍኦም ክውስኽ ብምግባር፣ ነቲ ትካላውን ዘርኣውን መልክዕ ዘለዎ ኣብ መንግስትን ኣብ ናይ ቴክኖሎጂ ኢንዳስትርን ስራሕ ከይቁጸሩ ቆሪኑ ሒዝዎም ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ምቅያር የድሊ፡፡ እቲ ክትግበር ተባሂሉ ዝተወጠነ ፕሮግራም እዞም ዝስዕቡ ትሕዝቶታት ዝሓዘ እዩ:

1) ኣብቶም ጠንካራ ዝኾኑ ኣድልዎ ዝኹንኑ ፖሊሲታት ዘለዎም መንግስታዊ ትካላትን ኣብቶም ኣብ ናይ ምልመላ ሓይሊ ሰብብን ቁጻርን መስርሖም ዝኾነ ይኹን ዓይነት ኣብ ዓሌት፣ ብሄርን ትካላውን ኣድልዎታት ንምውጋድ ጽኑዕ መትከል ዘለዎም ኮርፖሬሽናትን ብምእታው እናተኸፈሎም ኣብ ናይ ቴክኖሎጂ ምትእስሳር ዘለዎም ስራሕትታት ናይ ልምምድ እዋን ግዚኦም ከሕልፉ ምግባር፤

2) እቲ ናይ ስራሕ መቁጸሪ መዐቀንታት ገደብ ዕድመ ብምልዓልን ነቶም ሞያ ክቅይሩ ዝደልዩ ወይ ነቶም ኣብ ሓጺር እዋን ብ AI ዘይትካእ ናይ ቴክኖሎጂ ሞያ ክመሃሩ ዝደልዩ ውልቀ ሰባት ብዘሳትፍ መልክዑ ክመሓየሽ እዩ፤

3) ነቶም ሓደሽቲ ምሩቃት ናይ ባዕሎም ስራሕ ንምስራሕ መጀመሪ ገንዘብ ምቅራብ፣ ከምኡውን ናይ ባዕሎም ቢዝነስ ንከጣይሹን ዓርሶም ክኢሎም ክኮናተሩን ቴክኒካዊ ምኽርን ድጋፍን ምግባር፡፡

ወጻኢ: $500,000

---

ነቶም ዝግብኦም ኣገልግሎት ዘይረኸቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ዘገልግሉ ናይ ከተማ ሕርሻን ፍትሓውነት ኣመጋግባን ምቅራብ

*እዚ ፕሮጀክት ነቶም ባዶ ዘለዉን ከህብዎም ዝግብኦም ኣገልግሎት ዘይቡን ልሙዕነት ዘለዎም ቦታታት ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ምህርቲ ምግቢ ኣገልግሎት ክውዕሉ ክገብር እዩ፡፡* ንቡዙሓት ናይ ከተማ ናይ ግዳምን ናይ ውሽጢ ገዛን ምግቢ ዘምርቱን ዘከፋፍሉን ቢዝነሳት መሬት፣ መስርሒ ቦታን መጀመሪ ገንዘብን ብምቅራብ፣ ነቶም ኣብ ምፍራይ፣ ምዕሻግ፣ ዕደላን መሸጣን ዝነጥፉ፣ ሓደሽቲ ብማሕበረሰብ ዝውንኑ፣ ዓርሶም ክኢሎም ዝንቀሳቀሱን ናይ BIPOC ቢዝነሳት ክፍጠሩ ክገብር እዩ፣ ብኡ ኣቢሉ ድማ ነቶም ዝተገለሉ ናይ ማሕበረሰብ ክፍሊ ትኩስን ጥዑይን ምግቢ ክረኽቡ ይገብርን፣ ንሓደሽቲ ኣብ ንእሽተይ መሬት ሕርሻ ዝነጥፉ ሓረስቶት ስልጠና ዝወስዱሉ ማእኸል ምቅራብ እወን ክፍጽም እዩ፡፡

ክፍሊ ፍትሓውነት ከባብያዊ ምሕደራ ከተማ ስያትል ኣብ ዋጋ ምግቢ ኣመልኪቱ ዘውጽኦ መረዳእታ ከምዘመልክቶ:

*"ከተማ ስያትል ነቲ ኣብ ማሕበረሰብ BIPOC ዝጸንሐን ነቲ ሕዚ ዘሎ ንመንበሪ ኣባይትን ምህርቲን ምግቢ ንምፍራይን ዝውዕል መሬት ምርካብን መሬት ንምውናን ዘኽል ዓቕሚ ምስኣንን ጸገም፣ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ናይ ኢንቨስተመት ዕድላት ዘይምጥቃም ጸገም ምኳኑ ተረዲኡ መፍትሒ ክገብረሉ ይግባእ፡፡"*

ወጻኢ: $7,000,000

---

ሰላሕታዊ ድቀት ኢኮኖሚ ንምቅላል ዝውዕል ሓገዝ

ኣብ ኢኮኖምያዊ ቅልውላው ዝወደቁ ውልቀሰባትን ስድራቤታትን ናይ ህጹጽ እዋን ተወሳኺ ናይ ኣታዊ ሓገዝ ምግባር፡፡ $1,000.00 ዝግመት ብሓደ ግዜ ዝወሃብ ሓገዝ ን 400 ዝኾ ስድራቤታት ክከፋፈል እዩ፡፡

1.እቶም ውልቀሰባት ካብዚጋጠሞም ቁጠባዊ ጸገም ተናጊፎም ንቀጻሊ ውሑስ ቁጠባዊ ዓቅሚ ንክህልዎም ዝሕግዙ ደገፋት: ካብኣቶም ንምጥቃስ ዝኣክል (ኣብቶም ዝተጸርሑ ጥራይ ዝተወሰኑ ግን ኣይኮኑን)፤ ሃንደበታዊ ንዝኾ ክፍሊት መጸገኒ መኪና፣ ናይ መግንሒ መኪና ወይ ናይ ስራሕ ፍቓድ ንምውጻእ ክፍሊት ምሽፋን፤ ሰሌዳ ቁጽሪ መኪና፣ ናይ ማሕበራት ወዘተ ክፍሊት፣ ህጹጽ ክፍሊት ክንክን ቆልዓ፣ ካብ ክራይ ገዛ ካብ ምስጓግ ምክልኻል፣ ናይ ስራሕ ኣቁሑ ንምዕዳግ ሓገዝ ምግባርን ዝሓቖፈ እዩ፡፡

2.እቶም ሓገዝ ዝተገበረሎም ኣካላት እቲ ፕሮጀክት ተፈጻሚ ኮይኑ ኣብ ዝጠናቀቀሉ ናይ መወዳእታ ወርሒ ቃለ-መሕትት ተገይሩሎም እቲ ዝረኸብዎ ሓገዝ ኣብ ናብርኦም እንታይ ለውጢ ከምዘምጽአ ክገልጹ እዮም፡፡

መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ ቡዙሓት ስድራቤታት፣ ብፍላይ ከዓ እቶም ኣብ BIPOC ዘለዉ ማሕበረሰብ ሓንቲ ግዜ ክፍሊት ተዘይረኺቦም ኣብ ቁጠባዊ ቁሉላው ከምዝወድቁ እዮም ዝጥቁሙ፡፡

እቲ መጽናዕቲ that 59% ዝኾኑ ስድራቤታት ሓደ ግዜ ክፍሊት እንተዘሊልዎም መንበሪ ኣልቦ ከምዝኾኑ እዩ ዝሕብር፡፡ እቲ ዝተገለጸ ኣሃዝ ኣብ ደቂ ኣስትዮን BIPOC ዝኾኑ ውልቀሰባትን ዝዘየደ ከምዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡

3. እዚ ፕሮግራም እዙይ ምስቲ ቅድሚ ሕዚ ብምምሕዳር ከተማ ኣቢሉ ኣብ ናይ ሓገዝ ክራይ ገዛ፣ ክፍሊት ኣገልግሎታትን፣ ኣቅርቦት ካልኦት ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነገራትን ንምርካብ ዝግበሩ ዝነበሩ ሓገዛት ክወሃድ ዝኽእል እዩ፡፡

ወጻኢ: $500,000

---

ናይ ማሕበረሰብ ስያትል ዕቋር ገንዘብ (SCCB)፤ናብ ትውልዲ ዝሰጋገር ሃፍቲ ንምውህላል ተሓሲቡ ካብ ማሕበረሰብ ዝውህለል ሃፍቲ

ቀንዲ ዕላማ ካሽ በኬት ማሕበረሰብ ስያትል ኣብ መሬት ምውናን፣ ከምኡውን ንብረት ምውናንን ብምውፋር ነቶም ብስልታውን ትካላውን ዘርኣውነት መጥቃዕቲ ዝበጽሖም ዝነበረን ገዛ ከይውንኑ፣ርእሰማል፣ ትምህርትን፣ ዕድል ስራሕን ከይረኽቡ ተኣጊዶም ንዝጸንሑ ክፋላት ሕብረተሰብ ፍልፍል ኣታዊ ኮይኖም ክግልግሉ ዝኽሉ ናይ ንግዲ ትካላት ተጣይሾም ስራሕ ንክሰርሑ እዩ፡፡

SCCB ከም **መዐደሊ ነዳዲ፣ መሸጢ ቡን ድንኳናት፣ ኣብ ጥቃ መንበሪ ኣባይቲ በብዓይነቱ ሽቀጥ ዘለዎም ድንኳናት፣ መሸጢ ፍራፍረን ኣሕምልትን**፣ ዝኣመሰሉ ትካላት ንግዲ ዓዲጉ ብምሕዳስ፣ እቶም ኣባላት ማሕበረሰብ ከማሓድርዎ ብምግባር ካብኡ ዝርከብ ትርፊ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ዝተብሃሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ክካፈልዎ ክገብር እዩ፡፡ እቲ ካብ ትርፊ ዝተኣከበ ብጽሒት ድማ ካልኦት ተወሰኽ ናይ ነንግዲ ትካላት ንምግዛእን/ወይ ኣብ ተመጣጣኒ ዝኾነ ናይ ኣባይቲ ንግዲ ብምውፋር ዝበለጸ ኣታውታት ምውህላል ኣብ መንጎ እቶም ክፍልታት መማሕበረሰብ ዝረኽዎ ብጽሒት ክውስኽ ምግባር፡፡

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ፕሮጀክት ነቶም ብስልታውን ትካላውን ዘርኣዊ መጥቃዕቲ ዝኾ ክፍልታት ማሕበረሰብ ናብ ትውልዲ ዝሰጋገር ሃፍቲ ከጥርዩ ምግባር እዩ፡፡ ብመሰርሕ ባርነት ዝሓለፉ ኣሜሪካውያንን ካልኦት ማሕበረሰብ BIPOC ብምኽያት ዝጸንሐ ከም ሬድላይኒንግ፣ ምምዕርራግ፣ ኣግልሎ፣ ክልከላ ትምህርቲ፣ ገዛ ነንምግዛእ ልቃሐ ምኽእ፣ ውሱንነት ዕድላት ልቃሕ ገንዘብ፣ ልዑል ወለድ ልቃሕ፣ ተመጣኒ ዘይኮነ ናይ ገዛን መኪናን ክፍሊት  ውሕስተት ምሕታት፣ ዘይፍትሓዊ ግብርን ዘይቅኑዕ ስርዓት ፍትሕን ዝኣመሰሉ ናይ ምግላል ተግባራት ሃፍቲ ንከየጥርዩ ገይርዎም እዩ፡፡

እዚ ፕሮጀክት እዙይ ናይቲ ማሕበረሰብ ቁጠባዊ ድሌታት ዘማልእ ጠንካራ ፋይናንሳዊ መሰርሕ እዩ፤ በብእዋኑ ድማ ነቶም ዝግብኦም ኣባላት ጥረ ገንዘብ የከፋፍል፡፡ ካብኡ ብተወሳኺ፣ እቶም ብቑዓት ኮይኖም ዝተረኸቡ ኣባላት ኣብቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ንዘከናውንዎ ሕጋዊ ናይ ውልቂ ንግዳዊ ንጥፈታት ፋይናንሳዊ ደገፍ ክረኽ ይኽሉ እዮም፡፡ እቲ ፕሮጀክት ናይቲ ማሕበረሰብ ማሕበራውን ቁጠባው ዕቤት ብዘረጋግጽ መንገዲ ቀጻነት ዘለዎ ናይ ርእሰማል ዕቤት ብምርግጋጽ ፤ነቶም ኣባላት ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክረኽቡ ክገብር እዩ፡፡

እዚ ፕሮጀክት ስልታዊ ብዝኾ መንገዲ ነበርቲ ADOSን ከምኡውን ኣብ ስያትል ዝነብሩ ቅድሚ ሕዚ ሃፍቲ ከየጥርዩ ተኸልኪሎም ዝጸንሑ ኣባላት ማሕበረሰብ BIPOC ፋይናንሳዊ ድሕንነቶም ከዓቢ ዝገብር ስትራተጂካዊ ናይ ኢንቨስትመንት መስርሕ እዩ፡፡

ወጻኢ: $7,200,000

---

<u>ንምኽፋሉ መጠነኛ ዝኾነ መንበሪ ኣባይቲ/ነቶም ኣብ ከይዲ ታሪክ ብቁጠባ ዝተሃሰዩ ክፋላት ማሕበረሰብ ዘገልግሉ ኣገልግሎት ሕክምና ኣእምሮ ዝሓቆፉ ህንጻታት፡፡</u>

ነቶም ብስእነት ገዛ ኣብ ጸገም ዘለዉ ገዛ ምትእልላሽን ሓገዝ ምሃብን፡፡

እዙይ ብተበግሶ ማሕበረሰብ ነቶም ብስእነት ገዛ ዝተጸገሙ ንምሕጋዝ ዓሊሙ  ዝተልዓለ ተበግሶ እዩ፡፡ በዚ ፕሮጀክት ኣቢልና፣ እቶም ዝተጸገሙ ውልቀሰባት ኣብ ኢድ ዘለዉን ኣብ ጥቅሚ ዘይውዓሉ ሃፍትታት ብምትእኽብ ቀዋሚ መንበሪ ክረኽ ንሰርሕ፡፡

ወጻኢ: $2,000,000

---

<u>ብኣባላት ማሕበረሰብ ዝንቀሳቀስ፣ ብማሕበረሰብ ዝመሓደር 24/7 ኣገልግሎት ዝህብ መናጽህን መዕረፍን ክፍልታት</u>

ብኣባላት ማሕበረሰብ ዝንቀሳቀስ፣ ብማሕበረሰብ ዝመሓደር 24/7 ኣገልግሎት ዝህብ መናጽህን መዕረፍን ክፍልታት ምህናጽ፡፡ እቶም ኣባላት ማሕበረሰብ እቲ ቦታ ኣብ ምንክብኻብ ብጽሒቶም ክዋጽኡ ምሕታት፡፡

እቶም ኣብ ስያትልን ከባቢኡን ዘለዉ 24 ኣገልግሎት ዝህቡ ሽቃቃትን መናጽሂ ቦታታትን  ብሰለስተ ዕጽፊ ክውስኹ ምግባር፡፡ ነቶም ተመሳሳሊ ንጥፈታ ዝትግብሩ ትካላት ካብ ምምዋል፣ ነቶም ምስ ጎረባብትን መንበሪ ኣልቦ ዝኾኑ ክፍልታት ሕብረተሰብ ብትሕብብርነት ኣገልግሎት መውሃቢ ስፍራታት ከንቀሳቕሱ ድሌት ዘለዎም ማሕበረሰብ ሓገዝን ሓላፍነትን ሃብዎም፡፡ ኣገልግሎት ጽሬት/ሻወር ዝህቡ ትካላት ኣብ ውሱን ቦታ ጥራይ ኣብ ምንቅስቃስ ይርከቡ፡፡ ነቲ ማሕበረረሰሰብን ኣባላት ማሕበረሰብን፣ ጎረባብቲ፣ ምሓዙትን፣ ከምኡውን መንበሪ ዘይብሎም ኣባላት ማሕበረሰብ ብምሕታትን ብምስታፍን ውሑስ ዝኾን 24 ኣገልግሎት ዝህቡን ውሃብቲ ግሊጋሎት ትካላት ምጥያ ይክኣል፡፡

ወጻኢ: $7,200,000

---

<u>ብናጻ ዘገልግል ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝተሰርሐ ንምንሽርታት ዘገልግል ናይ በረድ ሜዳ /ናይ ኮሚኒቲ ማእኸል</u>
ኣብቲ ማሕበረሰብ ምቅርራብ ክፍጠር ዝሕግዝ ንኹ ክፍቲ ዝኾነ ቦታ፡፡ ውጻኢ ዘይሓትት/ትሑት ወጻኢ ዝሓትት ናይ ውሽጢ ገዛ ናይ ምንሽታት ሜዳ በረድ ምስራሕ፡፡ ቅድሚ ሕዚ ከምዚኦም ዝበሉ ቦታታት ንዓሰርተታት ዓመታት ነቶም ዝተበደሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ከም መተኣኻኽቢ ቦታ ኮይኖም እናገልገሉ መጽዮም እዮም፡፡ እዚ መበል ሳልሳይ ዝኾ ቦታ ነቲ ማሕበረሰብ ብሓንሳብ ኣገልግሎት ክረክብ ዘኽሎን ከም መሰረትን ኮይኑ ከገልግል እዩ፡፡

ወጻኢ: $5,000,000

---

<u>ንጥዕና ኣእምሮ ዝውዕል ሓገዝ ምትእኽኻብ ማእኸል ማሕበረሰባዊ ድሕነትን ሓበሬታን</u>

እቲ ማዕኸል ማሕበረሰባዊ ድሕነትን ሓበሬታን ነቶም ኣብ ማሕበረሰብ ወሪዶም ዝሰርሑ ትካላት እናመወለ ነቶም ኣብ ስራሕ ዘለዉ ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ ንምድጋፍ ኣብ ምትእኽኻብ ሃፍቲ ክዋፈሩ ክገብር እዩ፡፡ እቶም ሃፍቲ መተኣኻኽብቲ ኣብ ኩሎም ኣገልግሎታትን ኤጀንሲታትን ብቀጻልነት ሓገዝ ከቅርብ እዩ፡፡

እቶም ኣብ ምትእኽብ ሃፍቲ ዝተዋፈሩ ኣካላት ጎኒ ጎኒ  ኣቶም ካልኦት ኣገልግሎታት ነቶም ብዝበዛ ዝበጽሖም ክፍልታት ሕብረተሰብ ሕውየት ብዘምጽእ መንገዲ ቀሪቦም ኣገልግሎት ከቅርቡሎም እዮም፡፡

ናቪጌተር/እቲ ድሕሪ ክንክን ዘሎ እዋን ዘጠቃልሎም ንጥፈታት:

- እቶም ኣብ ምትእኽብ ሃፍቲ ዝተዋፈሩ ኣካላት ብመንገዲ ሓገዝን ትምህርትን ኣቢሎም ቀጻልነት ዘለዎ ሓገዝ ብምቅራብ ኣብቲ ከይዲ ከም ኣሳሰይቲ የገልግሉ
- ባህልልን ወግዕን መሰረት ዝገበረ: ኣብ ሕሉፍ ርክባት መሰረት ዝገበረ ዝምጥን ሓገዝ ወዘተ፡፡ (ብማሕበረሰብ ዝምራሕ ወዘተ፡፡)
- ኩለንተናዊ/ኣበር ዘይብሉ ሓገዝ ካብ ቅልውላ ዘጋጠመሉ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ድሕሪ ግልጋሎት ክንክን መቅረብቲ/ኤጀንስታት

ወጻኢ: $2,000,000

---

<u>ምውህሃድ ማሕበረሰባት: ማሕበረሰብ & ባህልን ወግዕን ተሓሳቢ ዝህበረ ናይ ድሕነት ተበግሶ</u>

እዚ ውጥን/ፕሮፖሳል ነቶም ኣብ ማሕበረሰብ ወሪዶም ዝሰርሑ ትካላት ትልሚ ኣውጺኦም፣ ኣቀናጅዮምን ነቲ ኣብ ድሕነት ማሕበረሰብ ዝነጥፍ ተበግሱኦምን ክንውንን ብምምራሕ ኣብ መነባብሮ እቲ ማሕበረሰብ ለውጢ ንከምጽእ ዝምውል እዩ:

- ብሃንደበት ዝዳለዉ ፍጻመታት/ክንውናት
- ኣግልስ ኣቢልካ ኣገልግሎት ትረኽበሎም ቦታታት
- ሕብረተሰብ ማእኸል ዝገበሩ ክንውናት
- ኣሳተፍቲ ዝኾኑ ኣብ ድሕነት ዘትኮሩን ንጥፈታት
- ኣብ ጽባቀ፣ ክንክን & ቴራፒን ዘድሃቡ ንጥፈታት
- ኩለንተናዊ ጥቅሚ ዘለዎ መድሓኒት፣ ተመስጦ & ምንቅስቃስን
- ዓርስኻ ኣብ ምምሕያሽ፣ ፋይናንሳዊ ውሕስተትን ናይ ሂወት ክህሎትን
- ሓበራዊ ሕውየት

ወጻኢ: $2,000,000

---

<u>ጥዕና ኣእምሮ ኣገዳሲ እዩ: ነቶም ኣብ ሕሉፍ ብዝበዛ ዝበጽሖም ክፋላት ሕብረተሰብ ካብ በሰልኦም ንክሓውዩ ዝግበር ደገፍ</u>

እዚ ፕሮፖሳል ነቶም ኣብ ሕውየትን ዳግመ ምግጋምን ትኹረት ዝገበሩ መደባትን ሰብ ሞያ ጥዕና ኣእምሮን ስነ-ባህርን በጀት ብምስላዕ  ነቶም ኣብቶም ብኸይዲ ታሪክ ዝተበደሉ ማሕበረሰብ ብምውራድ ንባህሎምን ኣነባብርኦምን ብዝምጥን መንገዲ ናይ ማሕበረሰባዊ ሽፋን ጥዕና ኣእምሮን ካልኦት ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ኣገልግሎታትን የቕርብ:

- ወርሓዊ ኣገልግሎት ክልኒክ፣ ሃንደበት ናብቲ ማሕበረሰብ ብምኻድ ኣገልግሎትምቅራብ
- ምስ ባህሊ እቲ ማሕበረሰብ ዝጠዓዓም ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ የቕርብ
- ሓገዝ መሰረታዊ ኣቕርቦታት (ክራይ/ናይ ክራይ ሓገዝ፣ ናይ ኣውቶብስ ኣገልግሎት፣ ናይ ውህብቶ ካርዲ፣ ኣስቤዛ፣ ወዘተ፡፡) ይህብ፡፡
- እቶም ኣብ ሕሉፍ ዝተበደሉ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝጠልብዎም ሓገዛት ይፈልን የቕርብን
- በቶም ሰብ ሞያ ሕክምና ኣእምሮን ስነ-ባህርን ኣቢሉ ዝወሃብ ባህሊ መሰረት ዝገበረ ኣስተምህሮ ይምውልወጻኢ: $2,000,000

---

ኣብ ስምዒታተይ - ንመደባት ስነ-ባህሪ በጀት ምስላዕ & ንመናእሰይ ዝግበር ሓገዝ

እዚ ፕሮፖሳል ኣብቶም ኣብ ሕሉፍ ወጽዓን ኣድልዎን ዝበጽሑም ክፉላት ሕብረተሰብ ማእኸል ገይሮም ኣብ ስነ-ባህርን ስነ-ምግባርን መናእሰይ ዝተዋፈሩ ሰብ ሞያ ብምፍላይ ንዘኪይድዎም ፕሮጀክታት ክምውል እዩ፡፡ እቶም ፕሮጀክትታት ዘጣቃልልዎ:

- ማንዛ/ናይ ምጽንናዕ ጉጅለ
    - ናይ ንእስነት ናይ ሽግግር እዋን
    - ናብ ዝነበሮ ኩነታት ጥዕና ምምላስ/ሕውየት ጉጅለ
- መደባት ሬድዮ/ቴሌቪጅን
- ስልጠና
- ናይ መናእሰይ ናይ መሪሕነት ዓቅሚ ምዕባይ
- ምምኻር

ወጻኢ: $2,000,000

---

ኣብ ናይ ምሸት ክፍለ ግዜ ብመናእሰይ ዝፍነዉ መደባት ሬድዮ/ቴሌቪጅን ምድጋፍ

መናእሰይ ኣብ እዋን ምሸት፣ ብፍላይ ክዓ ኣብ ቀዳምን ሰንበትን፣ ውሑስ ዝኾነን ዘዘናግዖምን ንጥፈታት ክፍጽሙ ይደልዩ፡፡ እዚ ፕሮጀክት ኣብ ማእኸላይ ግዝኣት ስያትል ክሳብ ሬይነር ቢች ዘሎ ቦታ ዝሽፍን ኣብ ናይ ምሸት ክፍለ ግዜ ዝፍነው መደብ ንምስራሕ ምስ ናይ መናእሰይ መራሕቲ ብምትሕብባር ትልሚ ብምውጻእ፣ ብምስታፍን ብምቅራብን ክሰርሑ ዝኽሉ ትካላት ክምውል ይደሊ፡፡ እዘም ፍጻመታት ነቶም ኣብ ክሊ ዕድመ 13-18 ዘለዉ መናእሰይ ትኹት ገይሮም፣ ትርኢት ዘቅርቡ ተዋሳእቲ፣ ምግቢ፣ መዘናግዕታት፣ ስራሕቲ ኪነ-ጥበባት ዘጠቃልሉ እዮመም፡፡ እቶም ፍጻመታት ብተወሳኺ ነቶም መናእሰይ ክንዋነታት ነናይ ምድላው፣ ናይ መሽጣን ተዋስኦን ክእለቶም ንክእብዩ ዕድል ይፈጥረሎም፡፡

ወጻኢ: $600,000

---

ስርዓት ፍትሒ ምምሕያሽ: ነቲ ዝቅጽል ወለዶ ተስፋ፣ ሕውየትን፣ ዓቅምን ክውንን ኩነታት ምምችቻው፡፡

እዚ ፕሮጀክት ነቶም ማሕበረሰብ መሰረት ገይሮም ዝተጣየሹ ትካላት (CBOs)፣ ናይ ውልቀ ትካላትን፣ ናይ መናእሰይ ውዳበታትን ዓመታዊ በጀት ብምምዳብ ነቶም ኣብ ክሊ ዕድመ 13-24 ዘለዉ መናእሰይ ናይ ዳግመ ህንጻትን ሕውየትን ሰብ ሞያ ጉጅለታት መዲብካ ናይ ስያትል ስርዓት ፍትሒ ዳግም ሂወት ክዘርእ ንምግባር ንክሰርሑ ሓደዝ ክግበረሎም እዩ፡፡ እቲ መስርሕ ፍትሒ ከም ሓድሽ ንምስኣል፣ ጉድኣታት ዘቃልሉ ሃፍትታት/ኣገልግሎታት ዘኽሉ ነቲ ናይ ፈፍትሒ ስርዓት ናብ ዘዝነበሮ ዝምልሱን ምምሕያት ክግበር ዝሕግዙን ኣብ ፍትሒ ዘትኩሩ ኣስተምህሮታት ብምትእትታው ናይ መናእሰይ ማሕበረሰብ BIPOC ከምኡውን ናይቶም ብስልታዊ ጉድለት ፍትሕን ኣተሓሕዛ ፖሊስን ዝተጎድኡ ስድራቤታን ጎሊሁ ንክስማዕ ብምግባርን ክሰረርሕ እዩ፡፡

ወጻኢ: $2,000,000

---

ማሕበረሰብ ድዋሚሽ ኣትኩረት ዝገበረ ናይ መናእሰይ ማእኸል

እዚ ማእኸል ዘለዓዕሉ ንጥፈታት ዝካየድሉ ፣ ምስቶም ኣብ ከተማ ዝነብሩ ደቀባት ርክባት ንምምስራት ዘቀላጥፍ፣ኣብኡ እንተሎ ድማ ንካልኦት ካብ ዝተፋለለየ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ክፍልታት ማሕበረሰብ ተቀቢሉ ዘተኣናግድ ማእኸል ኮይኑ ከገልግል እዩ፡፡

ወጻኢ: $7,200,00